# ውፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ ወፍሪ ጊላነት።

*ገለ ሓደ ስፓርታኩስ መድለየዶ! ኤርትራ ከም ልዕለ*
*ሓያላን ሃገር ዘንብር ሕልሚ ዲክታቶርን ኣስራርሕኡን።*

ዝተዓደለት ሃገር ንዓለም ዘድሕን ሓደን እንኮን መራሒ በሪቑላ። እዚ ኣብ ማህጸን ከሎ ገና ፍልጠትን ፍልስፍናን ዝተዓደለ ቅቡእ መራሒ። ንኹሉ ገምጊሙን መዚኑን ዝምጥን ሰንካት ፖለቲካዊ ሕብስቲ። ንመደረ ከም ዓለባ ቀዲዱን ለኪዑን ለጊቡን ዝሰፊ። ናይ ሜላ ነቢይ፣ ናይ መጻኢ ስርሒት ሰኣላይን ቀላሳይን መከፋፈልን። ሃንደበት መልኣኽ ኣብ ምድሪ ጸዳላዊ ኣርያም ኣብ ሰማይ ብሓንሳብ ከም ዘዳል ዝበረቐ። ማሕበርነ ክበሃል ከሎ ከም ፍልስፍንኡ ኣብ ብልጽግናን ሃብትን ቀምበይበይ ዝበለ ቁጠባዊ ዕብየት ዘይኣምን ግን ምድልዳል ዘፍቅር። ንነብሱ ገዲፍካ ድኽነት ዘካፍል። ናውቲ ማእቶት ዋላ ዕርፊ ማሕረሻ ዝውንኑ ምራን ክውንኑ ዘየፍቅድ። ሃብቲ ከምኡ ተዓዲሉ ዝፍጠር ሓደ ሰብ ዝግብቶ ክኸውን ኣለዎ ዝብል። እቲ ኣረጊት ማሕበራ-ቁጠባዊ ቅርጺን ክልሰ-ሓሳብን ከይተረፈ ናይዛ ዓለምና ኣፍሪሱን ሃደሽደሽ ኣቢሉ ከም ብሓዲስ በታ ከም ኣቶም ዝምንኣሳ ሓንጎሉ ከምብሓድሽ ዘይነበረን ዘየሎን ዝዕድል። ብናቱ ናይ ፖለቲካዊ መርመራ ዝተረጋገጸ ንፕላነትና ቫይሩስ ሒዝዋ ኣሎ በሃላይ። ኣንቱም ሰባት ከምኡ ዝበለ እንቋዕ ካልኣይ ኣይምተፈጥረ። ዓለም ብዘገምታዊ ሱጉምቲን ብቑሱን ሓንጎሉን ጥራይ ኢ.ያ ትምዕብል። ማለት ብኣካይዳ ጎብየ ዝብል ኢ.ሰያሲ.ዝም። ካልእ ኩሉ ዝመሽመሸ ኢ.ዩ። ክሕደስ ኣለዎ። ሞቶር ኣውሪድካ ካልእ ኢ.ንጅን ምድያብ ገና ክሪክ ስኢ.ኒ እንበር ዛጊድ ቀደም ላዕሊ ምሰቐለና። ንሱ እንተዘይ ውለድ ዓለም ሓላፍነት ዝስከም ብልሂ ምሰኣነት። ኣብ ቅርኒ ኣፍርቃ ቀርኒ ዘለዎ ገብሩ ዓኽላይ። ክውለድ ኮሎ ቦታ ዝሓረየ ኢ.ዩ ዝመስል። ቀርኒ ኣብ ዝብልዎ ከባቢ ምውላዱ ገለ ሓበሬታ ዝህብ ኮይኑ ይረኣየካ። ቀርኒ ኣፍሪቃ ካብ ቀደም ኣትሒዛስ ነይራ ኢ.ያ። ምስ ቀርኑ ተወልደ ንሱ ኢ.ዩ። ገለ ዶኾን ዝራብዓት ከም በሽር፣ ቃዛፊ ይህልዉ። ግን ኒኢ.ሶም ይመስለኒ። ኤርትራ ሓደ ሓለንጋይ መርዓዊ፣ ኣቦ፣ ካህን፣ ንኹሉ ዘፍሽለ ፍጹም እጹብን ዲንቅን ዝኾነ ፍጥረት ኣርሓ ወሊዳ። ኣብ ማህጸን ከሎ ልዕሊ 50 ዲግሪ ሙቐት ረኺቡ። እታ ፈውሲ ግን ኣብ እስራኤል ተረኺባ። ካብ ተፈወሰ ናብ ፍዉስ ከሰጋገር ካብ ኣዕራብ ንላዕሊ ሕጃብ ዘለዎ ግን ኣበይ ክርከብ። ከም ጀንኪስካን ካብ ማእከላይ ኢ.ስያ ተበጊሱ ንኤውሮጳ ሓመዳ ንላዕሊ ዝገበራ። ከም ሃኒባል ካብ ቱኒዝ ተበጊሱ ንእንባታት ኣልፕ ዝሓኾረ። ሎሚ ኣፍሪቃ ተርኣ በጺሑ ሓደ ኩለመንኡ n ንኹሉ ዘጠቓለለ ርእሰ-ፍጡራን፣ ርእሰ-ፈላስፋ፣ ርእሰ-ቅዱሳን፣ ደረት-ኣልቦ ብቕዓትን ሞያን ዝተዓደለ ፈጣሪ ተፈጢሩላ። ንኹሉ ናይ ምርጫ ቀጥዕታት መደምደምታ ክገብረሉ ካብ 30 ክሳብ 40 ዓመታት ከም ዘድልዮ ዝተተንበየ ነቢ.ይ። ምርጫ ወዲ ምርጫ እንታይ ኣድለየ። ኩለን ሃገራት ክኽተልኦ ዘለወን መስመር፣ ኣብ ትሕቲ ተፈጥራ ዘላ ዓለማዊት ትካሉ ብርኪ ገዚኤን፣ ሽዑ ንሱ ምስ ተመርጸ ብዘይ ሓሳብን ሰሃራን ንደቂ ደቀን ማዕረ ክገበን ኢ.ዩ። ስላም ህድኣትን ኣብ ዓለምና ይነግስን ይሰፍሕን ዝብል ጎደና ዓሊመን ሓዲሽ ጆግራፊያዊ ቅርጺ ክጽበያ ኣለውን። ኣብዚ ናይ መሰጋገሪ መድረኽ ንኹለን ሃገራት ዛጊድ ከመይ ዝበለ ጽርግያታት፣ ኣብያተ ሕክምናን ትምህርትን፣ ኣብነት ካብዛ ትዕንብብ ዘላ ኤርትራ ከድህባን ክመሃራን ኣለወን። ንህዝቢ ኤርትራ ኢ.ዩ ዘድክም ዘሎ እንበር ንዓለምስ ተመክሮታት ኢ.ዩ ከቕስም ኢ.ዩ ተበጊሱ። እወ ሓንቲ ሃገር ንመስዋእቲ ዝተበገሰ ክትህሉ ኣለዋ፣ መታን ኩለን ክመሃራ። 30 ዓመታት ሽግር፣ መከራ፥ መስዋእቲ፥ ስንክልና ትጻወር ከም ኤርትራ ዝበለት ኣብነታዊት ሃገር ክትርከብ። ነዚ ኩሉ ድማ ብዘይ ሓገዝ ጸይራን ተሰኪማን። ንሱ ግን ጸዳሉ ንኹሉ ፍጡር ዘብርህ፣ ነዚ ሃንደበት ንዓለም ዝንጸላልዋ ዘሎ ቁጠባዊ ውድቀት ኣቐዲሙ ርእይዎን ምምጽኡ ዘይተርፍ ዝተነበየን፣ እንኮ ፈዋሲን ለጋስ-ራህዋን ንሓፋሽ ዓለም ስላምን ዘዕስል ስየን ቆጽልን ከም ጸር ኣብ መንኩቡ፣ ከም ኣኽሊል ኣብ ቀረንቀርኡ ዝተሸከም ዘይሕለል ጎይታ። ንሱ እንበር መን ከም ንሱ። ብናቱ ክልሰ-ሓሳብ ኣመራርሓን ስነ-ሓሳብ እንተዘይ ተቓሊሑን ተተግቢሩን ወይለኹም ህዝቢ ዓለም። ንሱ ብርሃን ኢ.ዩ፣ ብርሃን ድማ ንሱ ኢ.ዩ። ብዘይክኡ ፍለጡ ኩሉ ኮንቱ ወእቱ። እጹብ ድንቅ ከመ በሉ ቅዱሳን። ንህነ መሬት ወንግብእ ውስጠ መሬት። ው ንሱ ይንብር ዘልኣለም።

ድኻን ንእሽተይ ሃገር፣ ውሑድ ህዝቢ ዘለዋ ኤርትራ ዘብቆለቶ፣ መስኪን ኣብ ዘይቦትኡን ኣብ ንዕኡ ዘይትበቅዕ ዝተወልደ። ኤርትራ ንዕኡ መብልዕ ማል ኢ.ያ። ኣቀዲሞም በዓል ሶቕራጠስ ፕሉቶ፣ ማርክስ፥ ኤንግልስ፣ ለኒን ንምንታይ ገስጊሶም ተወሊዶምን ሓሊፎምን። ጽንሕ ኢ.ሎም ሕጂ እንተ ዝውለዱ\ዶ ኣይምሓሾምን። ክጽበዩ ምሓሾም!!! ሎሚ ክፍጠሩ ነይርዎም። ተሃዊኾም፣ መልእኽቱ ነዚ ብልሂ ኣይሰምዖን። ቸርችል፣ ሩዝፈልት፥ ደጎል፥ እውን ከምኡ። ከም ነህሩ፣ ቲቶ፣ ጋንዲ፣ ማንደላ፣ ኮታ ዓለም ዘድንቐም መራሕትን ፈላስፋታት ገለን ሓሊፎም ገለን ኣሪጎም፥ ነዛ ሕጂ ዝበረቐት ጸሓይ ከይተጸለዉላ።

ሕማቕ ዕድል። ለባማትዶ በሃማት ክንብሎም። ብፍላይ  ነቶም ,,ጸሓይና መሊኣ በሪቓ“ ዝብል ጭርሖ ዘልዓሉ። ንዕኡን ደቀ-መዛሙሩን እወ መሊኣ በሪቓ፣ እኳ ድኣ ትሕት ኢላ ወሪዳ። ንሃጸይ ኢሰያስ ኣኽብሮትን ኣድንቖትን ከተብጽሕ፡ ክትሰግድ ኢላ ኢያ ትሕት ኢላ ዝቐነነት። ጸሓይ ሰብኣ-ሰገል!! ንሱ እውን ምእዙዝን ትሑትን ስለ ዝኾነ፣ ይዋእ መታን ክቕበላ ኣብ ባጽዕ ሰፈሩ። ብዘይካ ንእሽተይ ዕጣቕ ካልእ ኣይደለየን። ጅግና ካብ ክጸድቕ ገመል ብዓይኒ መርፍእ ክትሓልፍ ይቐልል ኢዩ መደርኡ። ንኩላና ኣይበርሃልና እንበር፣ ,,ጸሓይ ብምብራቕ ከም ትበርህ ንዕኡ ጥራይ ተገሊጻትሉ“። ንምንታይ ብቐረባ ቀልጢካ ክትቕበላስ ኣብ ጃፓን ዘይሰፈርካ ዝብል ሕቶ እንተ ዝሕተት፣ ንጃፓን እውን እኮ ካልእ ምብራቕ ኣሎዋ ክብል ንሓታታይ መፍሸሎ። ብልሂ ይብልኹም ኢሱ እንበር።

ድሕሪ ሕጂ ሕርሻ ዝመሃሩ ናብ ሓመልማሎ፣ ፖለቲካ ኣጽኒዖም ሃገሮም ክመርሑ ዝደልዩ ኣብ ብለቓት፣ ፋሕን ዘሎ ፍልስፍና ክቐድሑን ክሰንቁን ንሳሕል ክምርሹ ይግባእ። ሕክምና ዝመሃሩ ድማ ንሰበርቀጠ ይውረዱ። ናይ ውግእ ጀናራልት እውን ሚሊተር ኣካዳሚኦም ካብ ገረግር ክቐድሑ ኣለዎም። ሳዋ ኣይትዓሸዉ መቀጸልታ ኢያ። ወራሪ ሰምሃር ሳቮያ ንሶማልያ፣ ቀጽል ንኡጋዴን፣ ተጠወ ንጁባ፣ ዙር ንዛየር፣ ጥሓሳ ንኡጋንዳ፣ ተደረር ኣብ ጎርዶፉን፣ ንኣልፋሽር ጂነና ሰንጢቕካ ከውታ ንዳርፎር፣ ወጋሕታ ንእንጃሚና ንቻድ ጠበቕ። ጥምጥም ልገብ ንሊብያ፡ መዓመር ሳሂኻ ስተ ኣብ ትሪፖሊ። ንእዚ ኩሉ ፍልስፍና ንምትግባር ድማ ናይ ቃለ መሕትት ማራቶን ጉያ የድሊ። ኒውዮርክ ተጠንቀቒ ኣቋምቲ፣ የዒንቲ ኢሱ ናብ ጃፓን ኣይኮነን ናብ ናይ ዓለም ባንክ የቋምት። ንዋይ ኣብ ዝሃለወ ይሃሉ መድበሩ ኒው ዮርክ ኢዩ። ኢሱ ንኣመሪካ ኮነ ንዋሽንግተን ተንሺን ኣሲሩለን ኣሎ። ኩሉ ብኡኡ ኮነ ብዘይክኡ ዝኾነ ነገር የለን።

መስኪን ግን ሃጸይና 22 መዓልታት ቃለ-መሕትት ክገብር ሕማም ልቢ ከየጥሪ ንፈርሕ። ክብረ-ወሰን ንመጀመርያ ዝጠሓሰ መራሒ፣ ተኻታታሊ ንዓለም ክምህራ ዳርጋ ኣብ ኣፍ መስዋእቲ በጺሑ ነይሩ። ቲቪ ኤረ እታ ዓባይ ብስራተ ውፉያት ተብርህ፣ ነዚ ምቕሉል፣ ናይ ምዑዝ መግቢ መቐረት ዘይፈልጥን ብወደ-ስመራ ማስቲካ ኣንቺ እንበር ብናይ እንግሊዝ ስኮች ብናይ ኣመሪካ በርበን ኣይኮነን ናይ መስተ ጥምጥምን ቅድድምን ዝጀምር። ፈቐዶ ደንከልን ጋሽ ባርካን ዶሮና እንዳ ተዓብለኸ ንሓረስቶት ማሕረስ፣ ንገፍፍቲ ዓሳ ብመርበብ ምግፋፍ ዝምህር፣ ንሰብ ሞያ ህንጻት ባዕሉ መደብን ካርታዊ ስእሊ ዘውጽእ፣ ንኹሎም ልዑል ትምህርቲ ዝደልዩ ዓለም ትኽተሎ ምዓባለን ስነ-ፍልጠትን ሰረተ-ትምህርቲ ዝሰርዕ፣ ናይ ኩሎም ፕሮፈሰራትን መማህራንን ጉጉይ ኣመሃህራን ዘቃልዕ፣ ዓለም ዘይትፈልጦ ግን ንሱ ዝመሃዞ ፍሉይ ትምህርቲን ኣገባባትን ዘተኣታቱ። መጻሕፍቲ ምንባብ ኣየድልየክምን። ቃላቱ ስምዑ፣ እንተዝይሎ ከልቢ ይነብሕ ገመል ኮማንዶ ትሩቦ ግን መንገዱ ይቕጽል። እዛ ምስላ እዚኣ ኣዕራብ ይምሃዝዋ እንበር ዝደጋገማ እስቲፋኖስኩም ኢዩ።

ንኩለን ኣሓትና ድማ ብተዋስኡኡ ዲዩ ብቑመቱ፣ ብመልክዑን ግርምኡን  ዓጊበን ክሓድራ፣ ናይ ሕልመን መርወዪ፣ ቅድሚ ምውላዱ ብሜላ ኣቐዲሙ ኣካላቱ ዝሃነጸ፣ ብስፖርታዊ  ቅርጹ ክዓግባ ዘወናውን ስእልታት ዝዝርግሕ፣ እወ ንሱ እንበር ካልእ መን ከምኡ መልከዐኛን ግሩምን ኣሎ? እዝስ ናይ ሞዳ ተዋናያይን ተዋሳኣይን ክኸውን ምተገብኦ። ሽዑ ብዙሕ ምዓገባ። ምእንተኣን ኢሉ ዝተፈጥረን ናይ ሕልሚ መሰለን ብዲሞክራሲያዊ ፈነወ ብነጻ ዘመሓላልፍ ሊጋስ። ን0ኣን ኢሉ ዲዩ እዚ ኩሉ ቃለ መሕትት ወይስ ንዓና። ክላ ግዳ ኣንስቲ እንግሊዝ፣ እንስቲ ዓረብ ካብ ኣፉ ብቛንቋኦን፣ ካብ ወለላ ልሳኑ ኣንስቲ ኦሮሞ፣ ኣንስቲ ኣምሓራ ድማ ብትርጉም ክቋድስነ ጥራይ ዘይኮነስ ደጋጊሙ እንበር ኣዕገበን። ነተን ትግርኛ መንይዎን ግዲ ኮይኑ ደንገዩ ኢዩ ተፈንዩለን። ዘይግድሰን ብዝኾነ ቋንቋ ይዛረብ ምኽፋተን ኣይተረፈንን። ክንደይ ሞጎጎ ዘይቀርጸጸ፣ ክንደይ ጸብሒ ዘይሓረረ፣ ክንደይ ቡን ዘይገንፈል፣ ጸባ እኳ ነብሱ ኣድሒኑ። ኣብቲ ሃገር ጥር ትብል ላም ስለ ዘይትሕለብ። ቆልዑ ዕድል ተገይሮም ተለቪዥሮን ምስ ጠፍኣት ጸባ ኣደ ይሰትዩ። ወይ ድማ ገለ ለዋሃት እንተኮይነን ወይ ዘይደኸማ ሰሪላክ የፍላሓሎም። ሰሪላክ እሞ ከም ኢሰያስ ቶሎ ኢዩ ዝግንፍል፣ ምጥንቃቕ የድሊ።

ሓበሬታን ዜናን ድማ ኣብ ክንዲ ብልዑል ትምህርቲ ስልኪ-ኣልቦ ተሓንገጦም ዝተማህሩ ቆልዑ ከም በዓል ዓሊ ዓብዱ ረቢ ዘይኮነስ ኢሰያስ ኣብ ፍሉይ ላቦራቶሪ፣ ብስነ-ቀመም ቀሚሙ ዝፈጠሮም፣ ከም ፓሮት ምድጋም ፍልስፍንኡ ዝፈትዉ፣ ናይ ምሽምዳድ ሕማም ዝዓሰሎም’ውን ኣለዉና። እወ ኣለዉና ኣለዋና!!! መዝሙር ደገፍቲ ቲቪ ኤረ። ንዓናስ ዶክተርና ብጽፉፍ ኣለዉና ኣለዋና ኢሉ ከባራብረልና ዝተበገሰ ሓው ነይሩና። ደሓን ትንቢቱ ዝፍጸመሉ ዕለት ከነቕርባ ኢና። እንተ ኣያ ደገፍቱ ኢሰያስ፣ መስተርሆ ሃገር ተፈጢሩልና ይብሉ። ሎሚ እሞ ቲቪ ኤረኦም  ፍልስፍንኡ መታን ከም ጸበል ከተቋድስ ብሳዕስዒት ብጭፈራ ብሞዳ ትምህሮምን ትስሕሎምን። ኣብ ኤውሮጳ ዘለዉ ኣብ ኣመሪካ፣ ኣብ

ኣውስትራልያ ኮታ ኣብ ዙርያ ዓለም ኢሰያስ ቆሪሶም ተምሲሖም ጠዓሞት በሊዕም ተደሪሮም ይሓድሩ። ከውታ ለይቲ እውን ገሊኦም ካብ ኩቱር ሓጎስ ዝኣክል ድሙ ድሙ ዝመስል ኣረቂ ኣስመራ ከም ጸበል ይጭንገዑ። ለባም ከም ጽሪራ ጎይታ ኣያተቱ ንኹሎም ከም ማዕዳ፣ ከምይ ገርዮም መስተ ክሰትዩ ይመክር፣ ,,ለባም ሰብ ስኽር ሓዲሩ ኣብ ሓንቲ ከም ነፋሪት ትበርር ላንድ-ክሩዘሩ ባዕሉ-ዓቢ ጋቢኡ ኣንቢሩ ወጋሕታ ናብ ቤተ-ክርስትያን ክሳለም ኣለዎ። ሰብ ጽግዕ ከይብሎ ድማ ብሓለውቲ ክኽበብ ኣለዎ። ንምንታይ? ዋእ ዳስ ዳስ ከይሽትት ኣንበር!!! ስምዑ'ባ ጠለባት እንበር በዚሑ? ላንድክሩዘር፣ ሓለውቲ ካበይ ተመጽእ? ምላሽ ከም ኢሰያስ ተመሪቕኩም ትውለዱ። ጭርሖ ወዲ ገዛ ብርሃኑ ,,ወዲ ሰብን ኣታኽልትን ብፈሳሲ ኢዩ ዝነብር፣ ትብል ኢያ!! ስሎጋን ጽሪራ። ከም ንኽርተት ዝተፈጥረት ኤርትራ ስለ ዝኾንኩም ዕድልኩም ርገሙ። ደቃ ድኽነት፣ ጥምየት፣ ድንቁርና፣ ድሕረት፣ ክትወርሱ ኣሕሊፉ ዝሃብት ዝሃፍታ። ሓውና እዚ ኩሉ ትብሎ ዘለኻ ኢሰያስ ዘመሓላለፈልና ጉልሓይን ፌራን ኢዩ፣ ከመይ ገርካ ረሲዕካዮ? ኣነ ኣይረሳዕክዋን፣ ዘልና-ደኣ መድሃኒት ንምሃዝ፣ ናይ ማሕበራዊ ሓማም ዝፍውሶ ሓካይም፣ ናይ ዝተሰብረ ዓጽሚ ሃገር ዝጽግኑ ወገሻታት፣ ቪታሚን ሃገር ዝኾኑ ጀጋኑ ነፍሪ ኢየ ዝብል ዘለኹ። መን ይሓግዘና ዘይኮነስ፣ ከመይ ገርና ነብስና ንሕግዝ። ካልእ ድማ ንደቀ መዛሙሩ እኽድድ ኣቢሎም ኣብ ስብራ ክኣትዉ ከለዉ ,,ጽሪራ መሳኻ ዓይነይ ዘይራ“ ኢያ ዝለሃይዋ። ንዕኡ ዱቃ ንየም ዝሓረረ ቅጫ መጠቃ።

ፍርቂ ኣካል ኢሰያስ ኣብ ኤርትራ ምፍጣራ ሕጉስቲ ኣይኮነትን። እወ እዛ ንሕሽተይ ሃገር መቆመሪቱ ዛሃር ኢያ። መጽቀጥ ዓውዲ፣ ማለተይ እምኑ ኢዩ። ኤርትራ ንኢሰያስ ንኢሳቶ። ሳጥናኤል ዲዩ ጋኔን፣ ወይ ብዓረብ ሸይጣን ከለኪ'ዶ ክንብሎ፣ ኣብ እቲ ረቂቕ ኣእምርኡ ዝዘርኦ ሕማም፣ ዝረኣዮን ዝዳህሰሶን ከረማስስ፣ ኩሉ ንዓይ ኩሉ ብኣይ ዘብል ልኹፍ ባህጊ፣ ዘይዓግብን ዘይጸግብን ሸውሃት፣ ሃባን ሃቡን ዘብል ሕልሚ ስለ ዝሓልም፣ ገለ ልዕለ ፍጡር ኮይኑ ክስምዖ ዝገበረ፣ ኣብ ገለ ዘይተፈልጠ እዋን ዝተገሮ ጋኔን ከም ሓይሊ ተወጢሕዎ ኣሎ ይበሃል። እዚ እውን እቲ ጸዓዱ ናይ ወርሒ-ሕማም (Lunatic) ዝለኸፎ ባህሪ ዝሓዞ ሰብ ዝህብዎ ሳጓ የስምዕ። ስዉር ሽራራን ቀጠልያ ሕዛብን ገርካ ምሽራጡ ገለ ኣይመሓገዘን ትብሉ። ቀዳማይ ሽግሩ ኩሉ ከም ዝጸልኦ ገይሩ ስለ ዝግምት ተጠራጣርን ርእሰ-ምትእምማን ዘጥፈአን፣ ኣብ ዙርይኡ እቶም እወን ኣሜን በሃልቲ ከይተረፉ ጽፍዒት ኢዩ ዘስንቆም። ሓሶት እንተኾይኑ ስለስተ መሰኻኽር ክሰሚ ይፈቐደለይ። 1. ተምስገን በርሀ፣ 2. ናይዝጊ ክፍሉ፣ 3 ኣልኣሚን ስራጅ ዑመር። ግን ንዕኦም ዝሃረሞም ክጸፍያም ደልዩ ዝይኮነስ ክቐብኦም ስለ ዝፈቱ ኢዩ። ወይ ጉድ ናበይ ናብቶም ስለስተ። ኩላህና እንዶ ግዳ ንግሆ ንግሆ ንጽፋዕን ብሓለንግን ንግረፍ ኣለና። ተርባጽን ዓቕሊ ጽበትን ክዓስሎ ከሎ ሃንደበት ናብይ ክኸይድ ከም ዝደሊ ብቕጽበት ብዘይ መደብን ኣንፈትን ይብገስ። ኣብ ገለ እዋን እውን ሃንደበት ንድሕሪት ይግለበጥ። ንተግባሩ ብቐረባ ክዕዘብ ኣብ መጀመርታ 1976 ኣብ ፋሕ ዝብልዎ ናይ ቤት ጽሕፈት መደበሩ ዳርጋ 8 ኣዋርሕ ኣብ ናይ ቁጠባ ጨንፈር ተመዲበ ዕለታዊ ከጽንዮ ዕድል ረኺበ።

እቲ ናይ ቁጠባ ትካሉ፣ ክፍሊ ገንዘብ፣ ክፍሊ ምምሕዳርን ኮይኑ ብመሪሕነት ገብረሚካኤል ወዲ ኣርባዕተን ብናይዝጊ ክፍሉን ዝምራሕ ድኳኑ እአ፣ ኩሉ ርክባቱ ምስዛ ክፍሊ ጥቡቕ ኢዩ ነይሩ። መጎዓዝያ፣ ዕጥቅን ስንቅን፣ ዕድጊ፣ ሸርፍን ገንዘብን በዚ ኣካል እዚ ኢዩ ዝመሓደር። ባዕሉ እቲ ክፍሊ ገንዘብ ሸርፍን ክንደይ ዝኣክል ከም ዶላር፣ ፓውንድ ኮነ ኣድለይቲ ባጤራታት በዚ ክፍሊ ተታሒዙን ከም ጥሪት እውን ጸብጻብ ዘይነበሮ ትካል ስለ ዝነበረ፣ ብዘይክኡ ነቲ ኣሃዛዊ ቁጽርን ቦታን ዝፈልጥ ሰብ ኣይነበረን። ገለ ግማዕ ባጤራ ንይምሰል ተነጺሉ ኣብ ትሕቲ ቁጠባ ክመሓደር ይወሃብ ምንባሩ ትዝ ይብለኒ። ናይዚ ልኹፍ ፍጥረት ኣሰራርሓ ትሕብር ከም ኣብነት ክጠቅስ።ኣብ ቤት ጽሕፈት ርእሰ-መላኺ ዝካየድ ኣሰራርሓ ፈጺሙ ክትስእሎን ክትቀርጾን ዕድል ኣይትረክብን። ገለ ገለ መዝገባት እውን ናይ ዕለታዊ ጸብጻባት ዝወጸ ኣብ ክፍሊ ምምሕዳር ምንባሩ እዝክር። እቲ ተሰሊዑ ከም ወጻኢ ንዕድጊ ዝኸይድ ገንዘብ ካበየናይ ማዕከን ኢዩ ዝመጽእ ሓበሬታ ዝበሃል የለን። ማለት ምንጪ ናይቲ ንብረት ክትፈልጦ ኣይትኽእልን። ኣብ ፋሕ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ዝተሓዝ ንዋይ (treasure) ከም ዘሎ ከይደቀስካ ትሓልሞ ግሉጽ ምስጢር ኢዩ። ደገዝማቲ ኢሰያስ ንሓደ ንደገ ዝኸይድ ልኡኽ ክሰድዎ ምስ ዝደልዩ እቲ ገንዘብ ናብ ቁጠባ ይለኣኽ። እቲ ዝለኣኽ ሰብ ድማ ካብ ቤት ጽሕፈት ዲክታቶር ጽሑፍ ሒዙ ይመጽእ። እቲ ዝወሃቦ ገንዘብ ኣቐዲሙ ካብቲ ንሱ ዝመጸሉ ዘሎ ዳርጋ ናይ ፍርቂ ሰዓት ኢዩ ዝመሓላለፍ። ነቲ ዝወሃብ ገንዘብ ኣበይ ከም ትስንዶ ኢዩ ዝጠፍኣካ። ባጀትን ጸብጽብ ዝበሃል የለን። ሓደ ግርማይ ዝብልዎ ካብ ኣዲስ ኣበባ ዝመጸ ሓዲሽ ተጋዳላይ ነቲ ገንዘብ ካብ ኢድ ስዉእ ተኸለ ባንጆስ ኢዩ ዝቐበሎ። ግርማይ ናይ ቁጠባ ልዑል ትምህርቲ ዝወደአ ኢዩ። እቲ ሓላፊ ክፍሊ ገንዘብ ተኸለ ባንጆስ ኣብ ገጠር ዝዓበየ ምስ ሕሳብን ስነዳን ጸብጻብን ዝምልከት ትምህርትን ፍልጠትን የብሉን። ነተን ውሑዳት ንየዑ ዝተሓበርኦ ኣሰራርሓ፣ ጸሓፎ፣ መዝግቦ፣ ሃቦ ዝብላ ኢየን። ስለምንታይ ኢዩ እቲ

ቤት ጽሕፈት ኢሰያስ፣ ነቲ ገንዘብ ናብ ክፍሊ ዕድጊ ዝልእኮ? ባዕሉ ዘይህቦ ትብል ሓሳብ ድማ ይወረካ። ከይትሓትት ሕቶ ኣይፍቀድን። መደብ ከይተውጽእን መደብ ኣይፍቀድን። ግን ገለ ምስጢር ነይሩ። ገዲም ተጋዳላይ ኢኻ ትበሃል። ዝነበረካ ፍልጠት በብመዓልቱ እንዳ እጥፋእካ ናይ ንድሕሪት ምምላስ ወራር ድንቁርና ይዓሰለካ።

ነቢይ ኢሰያስ ሕልምታቱ ግን መኸሰብ ክሳራን ዝባሃል ገምጋም የብሉን። ኣብቲ ዝካየድ ናይ ሓርነት ቃልሲን ጥምጥምን ዝሰርሑን ዝሕንጽጹን ጀጋኑ ነይሮሞ ኢዮም። ሃገራዊ ጻውዒት ዝመትከሎም፣ ንዝሓለፈ ፍልልያት ከም ተመክሮ ተኸቲሎም፣ ዘይደልይዎ ነገራት ምስ ዘጋጥሞም ክሰግርዎን ከወገድዎን ዝግባእ ፈልዮም ዝመዝኑን ኣብ ባይታ ዘንበሩን፣ ፍሉይ ቆላሕታን ክብርን ንኣሰራርሓም ከምሓላልፉ ዘይደልዩ፣ ኣብ ናይ ሓባር መጸውዒ ዝኣምኑ፣ ናይ ምጽማም ዓቕሞም ዘይጽንቐቕ ፍሉይ ባህሪ ዝነበሮም ብተመክሮ ልዑል ስነ-ምግባር ዝሰነቑ ኢዮም። ኩሉ ዝፍጸም ዘበለ ኣደናቒ ስራሓት ብሓባር ስለ ዝግለጽ መን እንታይ ሰሪሑ ኣገዳሲ ኣይነበረን። ብወገን ኢሰያስ ክልተ ነገራት ኢየን ዝትግባራ። ቀዳማይ ነቲ ዝተዓመ ካብ ቤት-ጽሕፈቱ ስለ ዝመሓላለፍ፣ ግን እቲ ምእኩል ኣሰራርሓ ዝገልጾ መስርሕ ብኸምኡ ስለ ዝትግበር፣ ኩሉ ኣደናቒ ዓወታት ብናቱ ብልሃትን ጥበብን ከም ዝተፈጸመ ብሕታዊ ስሙ ክብ ዘብልን በብዕለቱ እንዳ ለዓለ ከም ዝኸይድ ስዉር መግለጽን ኣገላልጻን ይመሓላለፍ። (ካልኣት ኣብ ምምእዙዝነትን ትሕቲ ባይታ ኢዮም ዝቕበሩ። ንሳቶም እውን ንተሰርሐ ውልቀ-ግኑን ተለጣፊ ስም ክወሃቦም ሓሊሞሞን ብሂጎሞን ኣይፈልጡን።) ካልኣይ እቶም ንተኣምር ዝፈጸሙ ጀጋኑ ብሜላ (ሲስተማቲክ) ኣብ ገለ እንዳ ኣደስከለን ኣብ ውሽጦም ድማ ጽዑቕ ርክባት ከይፍጠር ፋሕተርተር ይብልን፣ ሓዲሽ ኩነታት እንዳ ፈጠረ ንሓደ ዝተፈጸመ ገምጋም ከይተገብረሉ ተኻታታሊ ካልእ ተግባራት ብምጽዓቕ መኣዝኖም ከም ዝስሕቱ ምትግባር ዕለታዊ ተግባሩ ኢዩ። ብስዉር ድማ ናይ ገለ ሰባት ስም ዘጥፍእ ዝሉሕኽ መሰረተ-ኣልቦ ወረ ምምሕልላፍ። ይፈልጥዎ'ዶ ነይሮም? እወ ይፈልጥዎ፣ ግን ምእንቲ እቲ ክብጻሕ ዘለዎ ዕላማ ክበጽሑ ነብሰ-ምክክልኻል ገይሮም ኣይፈልጡን ጥራይ ዘይኮስ ናብ ከምኡ ዝበለ ተግባር ተዋፊሮም ኣይፈልጡን። ውፉያት ብምንባሮም ናብ ስራሕ እንበር ናብ ምክልኻል ኣድሂቦም ኣይፈልጡን። ዓለም ጉዳም ተዳጋጋሚት ሓሶት ሓደ መዓልቲ ሓቂ መሲላ ትቐርብ ትብል ትምህርቲ ግን ንሱ በይኑ ኢዩ ዝፈለጣ። እቶም በሃማት ሰዓብቱ ድማ ክሳብ ሎሚ ይኣምኑሉ ኣለዉ። ምትላል ካብ መስከረም 1966 ኢ.ያ ብመደብ ተሰሪሑላ። ከይተረድኣ 1981 እውን እኮ ዝዓረበት ኣላ ኢ.ያ። ሕሶት እግሪ ኣውጺኣ ክትድልድል መጥፊኢኣ ተበሪህዋ ንቻይና ዝለኣኸትከ መን ኢ.ያ? ሕቶ ኣብ ልዕሊ ሕቶ? መልሲ ብሓባር ነናዲ!!!!

እቲ ናይ ምርብራብ ግጥም ሚዛን ናብ ህዝባዊ ሰራዊት ገጹ ክዛዙ ምስ ተዓዘበ ድማ በብቑሩብ ስም ጀጋኑ ዘህሰስ ወፈራ ከካይድ ጀሚሩ። መሪሕነትን ኣዘዝቲ ሰራዊት ኩሎም ብልሸውን መስመሮም ናብ ውልቀ ረብሓ  ከም ዝተቐየረን ብዕሊ መግለጺ ክህብ ጀሚሩ። መቸም ግዜን ራሕቂ ካብ ግንባር ዕድል ስለ ዝህቦ፣ ንዝኾነ ፋንታዝይኡ ዘርዊ ሸርሕታት ክኣልም ኢዩ ዝውዕል። ኣብ ገለ መድረኽ፣ ከም ጴጥሮስ ሰለሙን ንጸላኢ ርቀቱን ርጉዱን ገምጊሞም፣ ኣበይ የድምዕሉ ወይ ድማ ሰራዊት ካብቲ ዝቐነየ ቀጻሊ ግጥማት ዘስዓቦ ክሳራን ድኻምን ዝውገደሉ ከጽንዑ ከሎ፣ ብወገኑ ክልተ ነገራት ኣብ ሓንጎሉ ይዞራ። (1) ስሞም ክብ ዘብሉሉ ህሞት ረኺቦም ገለ ኣንጻረይ ዝኸይድ ሃልክታት ክጥምጥሙ ዕድል ይረኽቡ ኣለዉ። (2) ነንሕድሕዶም ብምዝርራብ ገለ ኣነ ዘይፈልጦ ናይ ተቓውሞ ዓንከላት ከኽብቡ ዕድል ምሃብ ኣየድልን። ንሱ ዘካይዶ እንዳ ፈለጡ ንኩሉ ተጻዊሮም እቲ ኣውራ ኣብ ሃሳይ ግርጭት ዘይምድሃቦ ኢዩ። ዘገርም እቶም ቀንዲ ንሰራዊት ናይ ተወፋይነትን ፍናን ልዕለ-ተኣማንነት ከም ዝህልዎ ዝገበሩ ሓርበኛታት ነቲ ዘመሓላልፎ ንሚዛን ገዲፎም ናብ ዘየድሊ ሓጹራት ኣየምርሑን። ጸላኢ ኣብ ቅድሚኦም ስለ ዘሎ፣ ነዚ ዕማም እዚ ኢዮም ኣብ ቀዳምይ መድረኽ ዝሰዑ። ኩሉ ስውራዊ ፍጻሜታት ምስጢራውን ስለ ዝተዓቀበ ኢዩ ነይሩ። ኣብ መጻኢ ክበርህ ከም ዝኽእል ይተኣማመኑ  ድምብርጽ ዘብሎም ምዑታት ኢዮም። ግን ዘይገመትዎ ተደራራቢ ስልጣንን ንብረት ህዝብን ሃገርን ኣብ ኢድ ሓደ ሰብ ይእከብ ከም ዘሎ ኣብ ግምት ኣየእተዉን። ናብ ንዋት ኣየድሃቡን ጥራይ ዘይኮነስ፣ ኣኽብሮት ንዋይ እውን ከም ዝንባሌ ካብኦም ተሓኺካን ተደምሲሳን። እቲ ካሓድን ጠላምን ሱስዕን ግን ኣምሰሉ ኣመልን ዝንባሌን ስለ ዝወረሰ ኩሉ ውሽጣዊ ሎቕትኡ ሓሱ፣ እጠፉፍ፣ መንዝዕ፣ ውልቃዊ ረብሓኻ ኣኻዕብት፣ ንኹሉ ድማ ከይትፍለጥ ኣሰር ጥራይ ዘይኮነስ ኩሉ ጭብጥታት ሕኸኽ። ነዚ ክትፍጽም ድማ ንገለ ሰባት ኣብ ገበን የእዳዎም ብደም ከም ዝጭቁ ገርካ መሳሪሓኻ ግበር፣ ንየኦም ድማ ኣብ ሓጺር ግዚን እዋንን ፈሊኻ ተንብሮም፣ ተወሰነ ናይ ረብሓኻ ስርሒት ምስ ፈጸሙ ድማ ሕኸኮም ዝብል ፍልስፍና ይኽተል። ተረኽቲ ንማክያቨሊ እቲ ዝሽፍኣ ናይ ተንኮል ማዕከን ገይሮም ይቕርብዎ፣ ግን ንሱ ተመሊሱ እንተ ዝውለድ ኢሰያስ ብልግና ዝሕዞ ንስሹስ ቆልዓ ምኾነ። እታ ዘይትረአ ኢድ ንንጉስ ናብከደናጾር ንጉስ ባቢሎን ዝተጻሕፈት ትዝክርዋዶ? ብናይ ፋርስ ላህጃ፣ ,,መኔ መኔ ተቅል እፋርስኒ፣ ትብል ኮይና

**ትርጉማ ድማ ,,ተመዚንካ ሚዛንካ ስለ ዝፈኾሰ መዓልትኻ ኣኺላ“ መግለጺት ኣነ ብወገነይ ተርጉመ ወዲአ ኣለኹ፣ ንስኻትኩም ድማ ባዕላዊ ትርጁማን ድለዩላ፥**

**ኣብ ካልኣይ መቐጸልታ ስለምንታይ ኢሰያስ  ናብ ጎረባብቲ ሃገራት ጉዳይ ምትእትታውን ኣብ ናይ ግብረ ሽበራ ዓሊሙ ምስቲ ናይ ቀደም ሕማሙን ዝተዛመደ ኢዩ ክኸውን ኣርእስትና።**

**ይቕጽል።**

**ብተስፉ ዘውደ**